## መግለጺ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣፈወርቂ

## ኣብ ኣመዓባብላ፡ ባህሪን ኣመትን ግጭት ሱዳን



**• ክቡር ፕረዚደንት ብጥሩፍ ሃይማኖታዊ ኣጀንዳኡ ነዚ ዞባ ብሓፈሻ፡ ኤርትራ ንእትርከበን ጐረባብቲ ሃገራት ድማ ብፍላይ ጸጥታዊ ስግኣት ፈጢሩ ዝነበረ ስርዓት ኣልበሽር፡ ኣብ 2019 ብቑጥዐ ህዝቢ ሱዳን ካብ ስልጣን ምስ ተኣልየ፡ ኣብ ሱዳንን ዞባናን ትስፉው ሃዋህው ተፈጢሩ ነይሩ። ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ሱዳንን ንምዕዛዝ እውን፡ ቀጻሊ ርክባትን ምምኽኻርን ክካየድ ጸኒሑ። ሓድጊ ስርዓት በሽር ከም ረቛሒ ብምዝካር፡ ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ንሱዳን ናብ ዘየድሊ ዕጥቃዊ ግጭት ዘምርሐ ኵነታት ጠንቁን ባህርያቱን እንታይ እዩ? ጂኦ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ሱዳን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ክንዮኡን ጠሚትካ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ኵነታት ብሻላ-ማላ ዝርአ ኣይኰነን። ኣብ ሱዳን ድሕሪ 2019 ዝመጸ ናይ ቀረባ ዓመታት ምዕባለ ናቱ ዳይናሚክስ ዘለዎ ኮይኑ፡ ካበይ መጺኡ?**

ከመይ ማዕቢሉ? ግን ንድሕሪት ተመሊስካ ክርአ ዘለዎ እዩ። ኣብ ሱዳን ይኹን ካልኦት ዘይማዕበላ ሃገራት እቲ ቐንዲ ብድሆ ናይ ህዝብታት፡ ህንጸት ሃገር እዩ። ህንጸት ሃገር ናቱ ማሕበረ ቍጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ድሕነታዊ መዳያት ኣለዎ። ስለዚ ኣብዚ ዘሎ ኩነታት ቅድሚ ምዝራብና፡ ኣመጻጽኣኡ ንድሕሪት ተመሊስና ምርኣይ የድለየና። ምኽንያቱ ዘላቒ ፍታሕ፡ ዘላቒ ርግኣት፡ ሰላም፡ ዕብየት፡ ልምዓት ክመጽእ እንተኹይኑ፡ እቶም መሰረታውያን ሽግራት ክፍትሑ ኣለዎም። ሱዳን ኣብ 1956 ናጽነት ካብ ዝተጓናጸፈትሉ ክሳብ 2019 ዝተሓልፈ መድረኻት ብሓርፋፍ ኣብ ሰለስተ ከፊልካ ክርአ ይከኣል። እቲ ቐዳማይ ኣዛህሪ ዝነበረሉ እዋን ኮይኑ ካብ 1956 ክሳብ 1969 ዝኸደ እዩ። እቲ ካልኣይ ካብ 1969 ክሳብ 1989 ዝነበረ እዋን ስርዓት ኑሜሪ እዩ። ካብ 1989 ክሳብ 2019 ከኣ ናይ ምእቱመር ወጠኒ ወይ ናይ ሓራካ ኣስላምያ ስርዓት። ኣብተን ቀዳሞት ክልተ መድረኻት ብተዛማዲ ምስ ካልኦት ሃገራት

ኣፍሪቃ፡ ሱዳን ኣዝዩ ዝማዕበለ ቦታ እዩ ነይሩዋ - ብኹሉ መለከዒታት። መስርሕ ህንጸት ሃገር ጽቡቕ ሰጕሙ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ ኣብተን 20 ዓመታት እዋን ስርዓት ኑሜሪ፡ እቲ መስርሕ ናህሪ ወሲኹ ናብ ጽቡቕ ማእዝን ይኸይድ ነይሩ። ሓደ ሓደ ትዕዝብትታት ኣይነበረን ማለት ኣይኰነን። ናይ ደቡብ ሽግር፡ ናይ ካልኦት ዝተፈላለዩ ዞባታት ሱዳን ሽግራት ነይሩ እዩ። የግዳስ ህንጸት ሃገር ቀስ ብቐስ ምስ ኩሉ ብድሆታቱ ጽቡቕ ይስጉም ነይሩ። ኣብ 1989 ግን ፖለቲካዊ እስላም ዝበሃል መጺኡ። ካብ 1983፡ ኣብ እዋን ስርዓት ኑሜሪ ዝጀመረ እዩ። እዚ እስላማዊ ምንቅስቓስ ናይ ኣኹዋን ሙስሊሚን መቐጸልታ ናይቲ ብ1928 ሓሰን ኣልበና ዝጀመሮ እዩ። እንተኾነ ኣብኡ እተመስረተ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ደሚርካ እንተ ርኢኻዮ፡ ኣብ መሳርዕ ህዝቢ ሱዳን ሚዛን ኣይነበሮን። ካብ 4-5 ሚእታዊት ዝዓቢ ጽልዋ ኣይነበሮን። ኣብ 1983 ግን ብዝተፈላለዩ ሽዑ ዝነበሩ ምኽንያታት ናይ ዝሑል ዂናት፡ ቦታኡ ከማዓራሪ ጀሚሩ። ካልኦት ዝተፈላለያ ሰልፍታት'ውን ነይረን እየን። ብዙሕ ዝርዝራት ስለዘለዎ ኣብኡ ኣይንኣቱን። ድሕሪ 1983 ኣብተን ዝቐጸላ ሽዱሽተ ዓመታት እዞም እስላማውያን ተጸናጺኖም፡ ተደናዲኖም ኣብ መወዳእታ ብዕልዋ ናይ 1989 ኣብ ስልጣን መጺኦም። ኣብ ስልጣን ምስ መጹ፡ ንጉዕዞ ሃገራዊ ህንጸት ማእዝኑ እናስሓቱዎ ከይዶም። ኣብ ሱዳን ቅድሚኡ ዘይነበረ፡ ኣብ ደቡብ፡ ምዕራብ፡ ምብራቕ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ተቓውሞታት ተላዒሉ። ውጽኢት ስርዓት ሙእተመር ወጠኒ ድማ መወዳእታኡ ምፍርኻሽ ሱዳን ኮይኑ። እቲ ዝዓበየ ካብኡ፡ ናይ ደቡብ ሱዳን ጉዳይ እዩ። ኣብ ብሉናይል፡ ክርዱፋን፡ ዳርፉር እውን ምፍርኻሻት ተፈጢሩ። እተን ሰላሳ ዓመታት ኣብ ክንዲ ሃገር ምህናጽ፡ ሃገር ምብትታንን ምፍርኻሽን ኰይነን። ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን፡ ሱዳን መደበር ናይ ሽበራ ኰይና። በቲ ናይ ብሓቂ እስላም ዘይኰነ፡ በቲ ናቶም ፖለቲካዊ እስላም፡ ዓለም ክንቅይራ ኢና ተባሂሉ። ቢን ላደን ኣብ ምብራቕ ሱዳን መደበሩ ገይሩ። ክሳብ 1996 ኣብኡ ነይሩ። በዚ ድማ ሱዳን ኣብ ክንዲ ንዘቤታዊ ህንጸት እትሰርሕ፡ ኣብ ዘየድልያ ናይ ዞባን ዓለምን ህውተታ ኣትያ። ኣብ ታሪኽ ሱዳን ዝተፈጸመ ዝዓበየ ጌጋ ናይ ደቡብ ሱዳን ምንጻል እዩ። ደቡብ ሱዳን ክንጸል ዘይነበሮ እዩ - ብዝኾነ ይኹን መጕት። ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ደቡብ ሱዳን ብዛዕባ መሰል ርእሰ ውሳነ እዩ ነይሩ። ጆን ጋራንግ ይኹን ኩሎም ሽዑ ዝነበሩ መራሕቲ 99 ሚእታዊት ምርጫኦም ሓድነት'ዩ ነይሩ። ምናልባት ሓደ ሚእታዊት ናይ ምንጻል ድሌት ነይሩ ክኸውን ይኽእል። ስለምንታይ ምንጻል መጺኡ፡ ሰሚን ስለዝደለዩዎ ድዩ? ብኻልእ ስለዝተጸልወ ድዩ ብዙሕ ትንታኔታት ክወሃበሉ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝመጸ ምዕባለታት

ተደፊኦም፡ ተደፊኦም፡ መወዳእታኡ ኣብ 2011 ምንጻል መጺኡ። እቲ ካልእ ኣብ ምዕራብ ምብራቕ ዝነበረ ተቓውሞታት እውን ኣይረግአን። ናይ ደቡብ ንባዕሉ ኣይተወድአን። ውንዙፋት ጉዳያት ከም ናይ ኣቢየን ካልኣትን ኣለዉ። ናይ ነዳዲ ምምቕራሕን ዘይምምቕራሕን ዝበሃሉ ጉዳያት ኣለዉ። ዳርፉር ሽግር ቀጺሉ፡ ናይ ኩርዱፋን፡ ብሉናይል - ኣይተፈትሐን ክሳብ'ዚ ትማሊ ማለት'ዩ። ሱዳን፡ ኣብዚ ዞባ ማዕከን ሕብስቲ እያ እትበሃል - ምስቲ ዘለዋ ጸጋታት። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ምንታይ ኵነታት ኣላ፡ ኩሉ ሰብ ዝርእዮ ዘሎ እዩ። ቁጠባ ሱዳን ተሰሪቑ'ዩ፡ እቲ ሃገር ብዕዳ ተለጢጡ። ቁጠባዊ ሽግር ናይቲ ህዝቢ እናገደደ መጺኡ። ዝሓለፉ ሰላሳ ዓመታት እምበኣር እቲ ቅድም ዝነበረ ተዛማዲ ገስጋስ ህንጸት ሃገር ተቘጺዩ፡ ሱዳን ናብ ምፍርኻሽ ዘምርሓትሉ እዩ ነይሩ። እዚ እናኾነ፡ ናይቲ ህዝቢ ቁጠባዊ፡ ድሕነታዊ፡ ናይ መናባብሮ ጉዳይ እናኸፍአ ስለዝኸደ፡ ህዝቢ መሪሩዎ ኣብ 2019 ፍጉው ናዕቢ ገይሩ ነቲ ስርዓት ኣውዲቑዎ። ዝኣልዮ ወይ ዝመርሖ ነይሩ ኢልካ እውን ክትዛረብ ኣይከኣልን። እቲ ህዝቢ ድሌቱ ምናልባት ብማኒፌስቶ ብጽሑፍ ክገልጾ ኣይክኣለን ይኸውን። ግን ይኣኽለና ማለት'ዩ። ኣብ 2019 እቲ ስርዓት ብናዕቢ ህዝቢ ምስ ተኣልየ፡ ኩነታት ሱዳን ኣብ ቀረና መንገዲ'ዩ ኣትዩ። ካብቲ ዝጸንሖ ናይ 30 ዓመታት ስርዓት ሙእተመር ወጠኒ ናብ ሓድሽ ስርዓት ክሰግር ነይሩዎ። እቲ መገዲ ንጹር እዩ። ካብ ምውዳቕ ስርዓት ናብ መሰገጋሪ መድረኽ፡ ካብ መሰጋገሪ መድረኽ ናብ በሪ ኣማን ምብጻሕ። ዝሓጸረን ዝቐለለን መንገዲ ንሱ እዩ። ናብ በሪ ኣማን ክትኣቱ ድማ ካብቲ ዝጸንሐ ዝተዋህለለ ተመኩሮ ሓድሽ ስርዓት-መንግስቲ ምፍጣር የድሊ። ህዝቢ ሱዳን ብዝቕበሎ ሓድሽ ስርዓት-መንግስቲ፡ ናብ በሪ ኣማን ምስጋር ይከኣል። ግን ከምኡ ኣይከደን። ካብቲ ቀንዲ መስመር ምውጻእ መጺኡ። ድሕሪ 2019 ብቐጥታ ኣነ'የ ሰውራ ምባል መጺኡ። ህዝቢ ሱዳን መሪሩዎ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ብፍጉው ዘምጽኦ ለውጢ ናተይ ሰውራ'ዩ ናተይ'ዩ እባ መጺኡ። 'ዲስቶርሽንስ' ወይ ምዝባዕ ናይቲ መስመር እየ ዝበሎ ኣነ። ኣነ'የ ሰውራ፡ ንሕና ኢና ከምዚ ጌርና፡ ሓደ ጉጅለ በዚ ይመጽእ፡ ካልእ ጉጅለ በቲ ይመጽእ፡ ከምዚ ዓይነት ዕልቕልቕ ፈጺሙ ተራእዩ ኣይፈልጥን። ህዝቢ ምስ ጸገሞ ዘምጽኦ ፍጉው ለውጢ ከመይ ጌርካ ኣነ'የ ኣምጺአዮ ኢልካ ክትዛረብ ትኽእል። ከምዚ ኣበርኪተ ክትብል እንድሕር ኴንካ'ውን ሕጂ ግዚኡ ኣይኰነን። ስልጣን ክትሻሞ እንድሕር ኴንካ መድረኹ ኣይኰነን። ኣብ በሪ ኣማን ምስ ተበጽሐ፡ ዝግበር ምሸማው ስልጣን እንተሎ ሽዑ ክርአ ይከኣል። ኣብዚ ናይ ምስግጋር ግዜ ግን ስልጣን ዘሻሙ ምኽንያት የለን። እዚ ዓስከር'ዩ እዚ ሲቪል'ዩ ኢልካ ትመናጨተሉ ምኽንያት የለን? እዚ መድረኽ'ዚ ብናዕቢ ህዝቢ ዝመጸ መሰገጋሪ መድረኽ'ዩ። መርሓ-ጉደናኡ

ከኣ ንጹር እዩ። እቲ ዋና ነገር፡ ናብ በሪ ኣል-ኣማን ከስግረካ ዝኽእል ድልድል ወይ መሰጋገሪ እንታይ ክመስል ክኽእል ኣለዎ? ከመይ ጌርካ ናብኡ ትበጽሕ? እዩ። ናብ በሪ ኣልኣማን ክትበጽሕ ሓድሽ ኵነት ኣብ ሱዳን ክመጽእ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ሓድሽ ኵነት ክግለጽ ዝኽእል፡ ብስርዓተ-መንግስቲ እዩ። ስርዓተ-መንግስቲ ከኣ፡ ህዝቢ ዝሓረዮ ህዝቢ ዝመረጾ ክኸውን ኣለዎ። ካብ ቀዳማይ ወርሒ ቀዳማይ ዓመት ዝጀመረ ክትዕ እዚ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ናይ ደቡብ ሽግር፡ ምዝንባዕ (distort□tion) ናይቲ ቀንዲ መስርሕ ወይ መኣዝን ኣብ ዘየድሊ መደምደምታ ኣዕሊቡ'ዩ። እዚ ንሱዳን ርግኣት ኣይሃበን፡ ንደቡብ ሱዳን'ውን ርግኣት ኣይሃበን። እዚ ሕጂ ኣነ ዋና'የ፡ ኣነ ሰውራ'የ፡ ሲቪል ዘይሲቪል፡ ወተሃደር እናተባህለ ዝግበር ዘሎ ትርጉም ዘለዎ ኣይኰነን። ሕጂ ዝደቓቐስ ሕሳብ የለን። ሕጂ ዝመቓራሕ ስልጣን የለን። ሕጂ መሰጋገሪ እዩ። ኣብቲ ዝብጻሕ ምስ በጻሕካ ክትዛረብ ትኽእል። እዚ ሕጂ ትማሊ ዝተወልዐ ኲናት፡ ኣብ መንጎ ኣደዓም ኣሰሪዕን ሰራዊት ሱዳንን ኣብ ዝሓለፈ ሰላሳ ዓመታት ሙእተመር ወጠኒ ናቱ ሰራዊት ክሃንጽ፡ ናይ ድሕነት ትካላት ንዕኡ ብዝመስል መንገዲ ክፈጥር ናይ ዝገበሮ ፈተነታት ሓድጊ'ዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። ሰራዊት ሱዳን እንታይ ይመስል? ትካላት ድሕነት እንታይ ይመስሉ? ብኸመይ ተሃኒጾም? ብዙሕ ክዝረብ ይከኣል። ኣደዓም ኣስሪዕን ጀሽን ዘፈላልዮም እንታይ'ዩ? ክልቲኦም ናይ ሓደ ስርዓት ዝነበሩ እዮም - ካብኡ ዝተፈጥሩ እዮም፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ቅድም ሰራዊት ሱዳን ዝበሃል ዝነበረ ኣቃውማ፡ ዝነበረ ዝንባለታት ፖለቲካን ስነ-ሓሳብን፡ ብዙሕ ጉዳያት ከተልዕል ትኽእል ኢኻ። ሕጂ ግን እዋኑ ኣይኰነን። ብዘይካ'ዚኣቶም፡ ኣብቲ መስርሕ'ውን ዘይኣተዉ ዕጡቓት ውድባት ዳርፉር፡ ኩርዱፋን ናይ ብሉናይልን ምብራቕን ኣለዉ። ኣብ መወዳእታ፡ ሓደ ሃገራዊ ልኡላዊ ናይ ምክልኻል ትካል ክህነጽ እንድሕር ኮይኑ፡ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ናቱ መስርሕ ዘለዎ እዩ። ምስዚ ሕጂ ዝዝረበሉ ዘሎ መሰጋገሪ መድረኽ ብቐጥታ ተዛሚዱ፡ ቅድም ክፍታሕ ኣለዎ ዝበሃለሉ ምኽንያት የለን። ሓደ ካብቲ ኣብዚ መወዳእታ እዋን ዘምጽእዎ ምዝንባዕ፡ ደምጅ ወይ ምጽንባር ሰራዊት ዝብል እዩ። ኣዳዕም ኣሰሪዕ ክጽንበር ኣለዎ ተባሂሉ። ዘዛርብ ጉዳይ ኣይኰነን። ሓደ ሰራዊት ክህሉ ዘከራኽር ወይ ዝውንዘፍ ኣርእስቲ ኣይኰነን። ሕጂ፡ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዝትግበር ግን ኣይኰነን። ኵሉ መስርዑ ተጻኒዑ ክትግበረ ዘለዎ እዩ። ከም መትከል ግን፡ ሱዳን ከም ልኡላዊ ህዝቢ ክነብር እንተኾይኑ፡ ሓደ ናይ ምልክኻል ትካል ክህልዎ ኣለዎ። ብኸመይ ትሃንጾ ካልእ መስርሕ ስለዝኾነ፡ ምስዚ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ንብሎ ዘለና መስርሕ ክደባለቕ ኣይግባእን። ሕጂ ምምጽኡ መዘንብዒ ወይ ምስምስ ኢና ንብሎ ንሕና። ቅድሚ ሲቪላዊ

መንግስቲ ምቛሙ ዝመጽእ ኣይኮነን። እቲ ሲቪላዊ መንግስቲ ዓቢ ኣርእስቲ'ዩ ንገዛእ ርእሱ። ቅድም ብዛዕባኡ ዘዕግብ መልሲ ክትረክብ ኣለካ። ሲቪላዊ መንግስቲ ቅድሚ ምቛሙ ደምጅ (ጽንበራ) ክግበር ኣለዎ ምባል ሰረገላ ቅድሚ ፈረስ ምቕማጥ'ዩ። በየን ትኸይድ ደሓር? ምጽንባር ሰራዊት ብኸመይ ምኽንያት ናይ ግጭት ይኸውን? እንታይ'ከ ዘጋጥም ኣሎ? ናይ ክልተ ውልቀ-ሰባት ውድድር ስልጣን ኣብዚ መድረኽ'ዚ እንታይ'ዩ ትርጉሙ? ኣተኣላልያ ናይ ጉዳያት ማእዝኑ ክስሕት እንከሎ፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዝረኣናዮ፡ ናብ ከምዚ ዝኣመሰለ ትርጉም ዘይብሉ ግርጭታትን ምትሕልላኽን'ዩ ዘምርሕ። ዝኾነ ሰብ ከመኽንየሉ'ውን ኣይክእልን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ብጀካ እቲ ሰራዊት (ከም ሻርነት ዘይብሉ ሓይሊ)፡ ነቲ ናይ ምስግጋር መስርሕ ሕድሪ ተሰኪሙ ናብ በሪ-ኣማን ክኸይድ ዝኽእል ካልእ ዝኾነ ሓይሊ የለን። ከምኡ ስለዝኾነ ንሕና ከም ጎረቤት፡ ከም መሻርኽቲ፡ ቀጥታዊ ዝምድናና ይኹን ኩሉ እንገብሮ ምምኽኻር ምስ ቡርሃን እዩ ጸኒሑ። ውልቀ-ጉዳዩ ኮይኑ ዘይኮነ፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ናብ በር ኣልኣማን ከሰጋግር ዝኽእል እቲ ሃገራዊ ሰራዊት ስለዝኾነ። ምኽንያቱ ሻርነት ዘይብሉ ሓይሊ'ዩ። ንድሕነትን ርግኣትን እታ ሃገር'ውን ዘተኣማምን ንሱ እዩ።

ስለምንታይ'ዩ እዚ ኩናት'ዚ ተወሊዑ? እንታይ'ዩ እቲ መበኣሲ ምኽንያት? ኣብ መንጎ ሲቪልን ሰራዊትን ዘሎ ግጭት ድዩ? ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ዘሎ ግጭት ድዩ? ካበይ ዝመጸ ግጭታት'ዩ ክሳብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዕንወት ዘምጽእ? በየናይ ሞጎት ከተመኽንዮ ትኽእል? ብዝኾነ፡ ሕጂ'ውን እቲ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ሕድሪ ኣብ ኢድ ሰራዊት'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ዝኾነ ካልእ መተካእታኡ ክመጽእ ኣይክእልን'ዩ። ዝኾነ ሰብ ብደገ ዝዕዘብ፡ ንሕና ድማ ብቐረባ ከም ጎረባብቲ እንዕዘቦ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ "ንስኻ ንፋዕ ኢኻ፡ ንስኻ ትዓቢ፡ ንስኻ ትንእስ" ዝብሃል ነገር የለን። እቲ ዋና ነገር፡ ሰራዊት ነዚ መሰጋገሪ መድረኽ'ዚ ከም ሕድሪ ሒዙ፡ ናብ በሪ-ኣማን ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። ድሕሪኡ ስልጣን ንህዝቢ ሱዳን የረክቦ። ህዝቢ ሱዳን ከመይ ገይሩ ናቱ ትካላት መስሪቱ ይኸይድ ድሕሪኡ ይርኣ። እዚ ሕጂ እንርእዮ ዘለና ግን ናይ ምዝንባዕ ምዝንባዕ ጥራይ እዩ። ኣብ ሳዕቤናት ናይቲ ኩናት ጥራይ ምዝራብ ኣደንቋሪ እናኾነ ስለዝኸይድ፡ ስለምንታይ ኣብዚ ግጭት'ዚ ተኣትዩ ፈሊጥካ፡ መበቆል ናይቲ ሽግር ብግቡእ ተረዲእካ፡ እቲ ኣተኩሮ ፍታሕ ናብ ምምጻእ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሚድያታት ዝቃላሕ ዘሎ መህውትቲ ዘረባ ጥራይ'ዩ። ነቲ ሳዕቤናት መመሊሱ ዘጋውሕ፡ ዘጋንን፡ መመሊሱ ዝሓላልኽ፡ ዝኾነን ዘይኮነን ትርጉማትን ትንታነታትን ዝህብ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ጉዳይ

ናብ መኣዝኑ ክምለስ ክኽእል ኣለዎ። ኩናት ደው ክብል ኣለዎ - ዘከራኽር ኣርእስቲ ኣይኮነን። ኩናት ስለምንታይ መጺኡ፡ እቲ ጠንቂ ተለልዩ፡ ካልኣይ ግዜ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ከምዘይቅልቀል ክግበር ኣለዎ። እቲ መሰረታዊ ሽግር ግን ክፍታሕ ክኽእል ኣለዎ። ነዚ ድማ ክንሰርሓሉ ኣለና። በዚ ጉዳይ'ዚ ቀረባ ተጸለውቲ ጎረባብቲ ሱዳን እዮም። ስለዚ ኣብ ፍታሕ ናይዞም ሽግራት እዚኣቶም ከምቲ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝተራእየ ኣብዚ እውን ምስ ጎረባብቲ ብሽርክነት ክስርሓሉ፡ ምይይጥ ክገብረሉ ክኽእል ኣለዎ። ብዝያዳ ግን ናይ ህዝቢ ሱዳን ጉዳይ እዩ። መተካእታ ህዝቢ ሱዳን ክሽውን ዝኽእል፡ ንዕኡ ኣጸጊዑ ንህዝቢ ሱዳን ፍታሕ ዘምጽኣሉ፡ ዝኾነ ሓይሊ ክህሉ ኣይክእልን። እዚ ከም መትከል ተታሒዙ፡ ሕጂ ክግበር ዘለዎ ኩናት ደው ምባል ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ኩናት ደው ምባሉ'ውን ናብዚ ሕልኽላኻት'ዚ ዘብጽሑ ጠንቅታት ተኣልዮም፡ መሰጋገሪ መድረኽ መስርዑ ሒዙ ናብ በሪ ኣማን ክሽይድ ክኽእል ኣለዎ።

- **ንርዱእ ታሪኻውን ጆኦግራፍያውን ምኽንያታት፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን ሾነታት ሱዳን ብቐረባን ብቐጥታን ዝጸልወን ጎረባብቲ ሃገራት እያ። ኣብ ርእሲ'ቲ ምዉኽ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንፖለቲካዊ መስርሕ ሱዳን ከምዚ ክትጠቕሶ ዝጸንሓካ ናብ በሪ ኣማን ንምብጻሕ፡ ኤርትራ ምስ ኩሎም ሓይልታት ሱዳን ብዘለዋ ጽቡቕ ዝምድና ብዘይዓውታ ምቕሉል ተራ ክትገብር ምጽናሓ ይፍለጥ። ብፍላይ ድማ ኣብ ዘይሻራነት ሰራዊትን ኣሳታፊ መሰጋገሪ ፖለቲካዊ መድረኽን። ካብዚ ብምብጋስ፡ መርገጽን ኣጠማምታን ኤርትራ ኣብቲ ግጭት ዘላቕነት ዘለዎ ፍታሕ ኣብ ምብርካትን፡ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ መስርሕ ሰላም ሱዳን እንታይ ይመስል?**

እቲ ክገልጾ ዝጸናሕኩ ከም ድሕረ□ባይታ ክውሰድ ይከኣል'ዩ። ዝርዝራቱ ግን ብዙሕ እዩ። ብወገንና ዘሎ ሕርያ ዊን ዝብለና ነገር ወይ መዛጅ ኣይኮነን። ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ምስ ሱዳን ዝነበሮ ዝምድናን ሓድሽ መግለጽ ዘድልዮ ኣይኮነን። ናይ ትማሊ ዝኽርታት ስለዝኾነ። ኣብ ውሽጢ'ዚ 30 ዓመታት ኣብ ሱዳን ዝመጸ ምዕባለታት ብሽመይ ጸልዩና ዝፍለጥ እዩ። ኣለዚ፡ ናትና ጽምዶ ምስ ጉዳይ ህዝቢ ሱዳን ሕርያ ኣይኮነን። ሱዳን ክረግእ፡ ሱዳን ሰላም ክረክብ፡ ሰላም ረኺቡ ክለምዕ ንዓናን ንህዝቢ ሱዳንን ናይ ሓባር ረብሓ እዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ ኣበርክቶ ዘይንገብረሉ ምኽንያት የለን። ርግጽ'ዩ ጉዳይ ሱዳን ቅድሚ ዝኾነ ናይ ህዝቢ ሱዳን ሓላፍነት እዩ። ናይ ሱዳን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ካልኦት ሃገራት ጎደቦና ርግኣት እውን ሕርያ ወይ መዛጅ ኣይኮነን። ባህ ኢሉኒ ባህ ኣይበለንን ኣይኮነን እቲ ሕቶ። ዞባዊ ርግኣት ንዘቤታዊ ርግኣት ስለዝድርዮ፡ ዘተኣማምን

ስለዝገብሮ ዘላቕነት'ውን ስለዘውሕስሉ ግድነት እዩ። ካብኡ ርሒቕካ ክትከይድ ኣይትኽእልን። እዚ ስለዝኾነ፡ ኣብ 2019 ናዕቢ ናይ ህዝቢ ምስ መጽአ፡ ከም ንቡር ናትና ጽምዶ እናሓየለ መጺኡ። "ቀስ ኢልና ነረኻኽበሉ፡ ካልኦት ክገብርዎ እዮም፡ ንዓታቶም ንግደፈሎም" ኢልና ንገድፎ ነገር ኣይኮነን። እንታይ'ዩ እቲ ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት? ብኸመይ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሑ? ብኸመይ'ከ ክንዋሳእ ንኽእል? ከመይ ገይርና ምሕዝነትና ንህዝቢ ሱዳን ነረጋግጸሉ? እንታይ እንታይ ስጉምትታት ክውሰዱ ኣለዎም? ኢልና ክንሰርሓሉ ጸኒሕና። እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ምስ ኩሉ ዘራጊ ንፋሳት፡ ኣብ ሱዳን ጥራይ ዘይኰነ ኣብዚ ከባቢ እንታይ ክፈጥር ይኽእል ዘየሻቕሎ ሰብ የለን። "ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኑባ ከምዚ ኰይኖም ተቐቲሎም፡ ኣብ ብሉ ናይል ከምዚ ዝኣመሰለ ምቅትታል ኣጋጢሙ፡ ኣብ ዳርፉር ዓድታት ሓዊ ነዲዱ" ክበሃል ከሎ ንጎረቤት ዘየሻቕል ኣይኮነን። ድሕሪ ናይ 30 ዓመታት ግፍዒን ብድዐን፡ ህዝቢ ሱዳን ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሑ ኣሎ። ሕጂ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክኸይድ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ኣትዩ ኣሎ። ስለዚ ህዝቢ ሱዳን ዝመረጾ ናቱ መንግስቲ ወይ ስርዓት ኮፍ ኣቢሉ ናብ በራ-ኣማን ክሰግረሉ ዝኽእል ጎደናታት እንታይ ክመስል ኣለዎ? እቲ ሕርያ ንጹር እዩ። እቲ ተሞኩሮ ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ትምህርቲ ኰይኑ ስለዘሎ፡ ንዝኾነ ሱዳናዊ ናበይ ገጽካ ክትከይድ ኢኻ፡ ናበይ'ዩ ዝርኣየካ እንድሕር ኢልካዮ፡ መልሲ ኣይጠፍኦን እዩ። ምናልባት ከራቕቕ፡ ከዳቕቕ ኣይክእልን ይኸውን። ግን ካብ ተሞኩሮ ዝተማህሮ ዓበይቲ ነገራት ስለዘለዎ፡ ካብ'ዚ መሰጋገሪ መድረኽ'ዚ ናብ በራ-ኣማን ዘይከደሉ ምኽንያት የለን። ንሕና ኣብኡ ክንዋሳእ እንተኼንና፡ ቅድሚ ዝኣገረ ናይ ጽምዶ ስትራተጂ ክህልወና ኣለዎ። ምስ'ዚ ሓዲሽ ምዕባለታት እቲ ጉዕዞ መኣዝኑ ከይስሕት ክንሰርሕ ኣለና። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ሓደ ሓደ ዝርኣዩና ኣሉታዊ ምዕባለታት፡ መብዛሕትኦም በለጻዊ ምንቅስቓሳት ኣብ ውሽጢ'ቲ መስርሕ ዝርግርግ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ብቐረባ ክንከታተሎም ክንክእል ኣለና። ኣብ 2019፡ ኣብ ሱዳን ናይ ህዝብ ናዕቢ ኣብ ዝተላዕለሉ፡ ሰራዊት ሱዳን ኣብ ጎድኒ ህዝቢ ደው ከምዝበለ ዝፍለጥ እዩ። "እሰር ቅተል" ክበሃል ከሎ ናብ ከምኡ ኣይከደን። ናይ ህዝቢ ሕርያ ስለዝፈለጠ፡ መብዛሕትኡ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ህዝቢ ስለዝኾነ ምስ ህዝቡ ደው ኢሉ ዝተጻወቶ ተራ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ሕድሪ ናይ ምስግጋር ሒዙ ክኸይድ ከምዝኽእል ዘማትእ ኣይኮነን። እዚ ስለዝኾነ፡ ነዛ ሕድሪ እዚኣ ተሰኪሙ ክኸይድ ምእንቲ፡ ምስቲ ልኡላዊ ባይቶ ጸሚድና ሓሳባትና ከነካፍል ጸኒሕና። ርግጽ'ዩ ጉዳዮም ዝያዳ ንሳቶም ይፈልጥዎ። ንሕና ከኣ ዝመስለና ሓሳባት ከነካፍል ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ቀጻሊ ኣብ ምይይጥ ጸኒሕና። እቲ ንሕና ዘዳለናዮ ሰነድ ግዜ ይወስድ እዩ፡ ኮፍ ኢልካ ክተንብቦ።

ምኽንያቱ ካብ 1956 ክሳብ 1969፣ ካብ 1969 ክሳብ 1989፣ ካብ 1989 ክሳብ 2019 ዝነበረ ምዕባለታት፡ ብመንጽር ህንጸት ሃገር ክርአ ስለዘለዎ፡ እዚ ድሕሪ ባይታ'ዚ ዝህቦ ሓፈሻዊ ስእሊ ከም መወከሲ ብምውሳድ፡ ብመንጽሩ ዘለና ሓሳባት፡ እቲ በሪ ኣልኣማን ንብሎ እውን እንታይ ክመስል ከምዝኽእል ዝገልጽ እዩ። ናህና ምህዞ ኣይኮነን። ዊን ኢሉና ዘምጻእናዮ ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ናይ ሃገር ምህናጽ ጉዳይ፡ ናይ ህዝብታት ጉዳይ፡ ናይ ዜግነት ጉዳይ፡ ናይ ዕድላት ጉዳይ ዘሎ እዩ። ብናይ ካልኦት ተሞኩሮ እውን ክንርእዮ እንክለና፡ እቶም መወከሲታት ንጹራት ስለዝኾኑ፡ በዚ መንገዲ ሓደ ኣካል ቆይሙ ነዚ መሰጋገሪ መድረኽ'ዚ ናብ በሪ-ኣማን ዝወስድ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ህዝቢ ሱዳን ሕርያኡ ዝፈጥረሉ መንገዲ ክህሉ'ዩ ድሌትና። ስለዚ፡ እቲ ሰነድ ኣብ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመታት ዝነበረ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብድሕሪ መሰጋገሪ መድረኽን በሪ-ኣማንን እውን፡ ናትና ስትራተጂያዊ ኣጠማምታ ዘነጽር እዩ። በዚ ሓደ ተበግሶ፡ በዚ ካልእ ተበግሶ ክህሉ ይኽእል። ዝኾነ ሰብ ዝመስሎ ተበግሶታት ክወስድ ይኽእል እዩ። ንሕና ግን ኣብ ባዛር ኣይንኣቱን ኢና። ናይዚኣቶም ተበግሶ ኣሎ እሞ፡ ንሕና ከኣ ናትና ተበግሶ ክንገብር ኣለና፡ ከምዚ ክንብል ኣለና ዘይኰነ፡ ናትና ቦታ ናትና ኣበርክቶ፡ ናትና ግደ ብግቡእ ተረዲእና እቲ ክንገብሮ እንኽእል ጽምዶ ብህድኣት፡ ዓውዓው ብዘይብሉ፡ ፕሮፖጋንዳ ብዘይብሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዳርጋ ኣርባዕተ ዓመታት ክንሰርሓሉ ጸኒሕና ኣለና። እዚ ከኣ፡ ኣብ ሽርክነታዊ ምርድዳእን ክብረትን ዝምርኰስ ደኣ'ምበር፡ ናትና ናይ ገዛእ ርእስና 'መዛኽት' ኣይኮንናን ነምጽእ ዘለና። ከምዚ እንተኾነ ይሓይሽ ክትብል ከለኻ ናይ ካልኦት ርእይቶ'ውን ትሰምዕ ማለት'ዩ። ክሳብ'ዚ ናይ መወዳእታ ማለት ቅድሚ ኹናት ምጅማሩ ሓሳባትና ነቶም ዝምልከቶም ኣብ ሰዓቱ ከነፍልጦም ጸኒሕና ኢና። ምኽንያቱ፡ ሰዓት መምስ ሓለፈ ጉዳያት ክትትንትን ሽግራት ክትፈትሕ ምፍታን ትርጉም የብሉን። ብወገንና ምጽንባር ናይ ሰራዊትን ሓደ ልኡላዊ ሰራዊት ኣብ ሱዳን ምምስራትን ዘከራኽር ኣርእስቲ ኣይኮነን። ዝውንዘፍ'ውን ኣይኮነን። ከመይ ገይሩ ይትግበር ግን ናቱ መስርሕ ኣለዎ። እዚ መስርሕ እዚ ምስ ምስግጋርን በሪ-ኣማንን ምድብላቕ ዘድልዮ ኣይኮነን። ድሕሪ በሪ-ኣማን ምሓዝ'ውን ልኡላውያን ትካላት ምህናጽ መስርሑ ነዊሕ ስለዝኾነ፡ ሓደ ሰራዊት ከመይ ገይርካ ኢኻ ትሃንጽ፡ ካበይ ካበይ ኢኻ ተምጽኦ እቲ ስራዊት፡ እንታይ እንታይ እዩ እቲ ዝምስረተሉ ዶክትሪን፡ ክመልኮ ዘለዎ ጉልበታት እንታይ ክመስል ኣለዎ፡ ብዝሑ፡ ዓይነቱ፡ ኣሰላልፋኡ፡ ማእለያ ዘይብሎም ጉዳያት እዮም ዘለዉ። ናይ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ጉዕዞ፡ ነዚ መስርሕ እዚ፡ ብትንትን ከብሎ እዩ ጸኒሑ። ብዘይካ'ዚ፡ ከምቲ ቀዲመ ዝጠቐስክዎ ኣብ ኵሉ ከባቢታት ደገ-ደገ ካብቲ ሰራዊት ዝበሃል እውን ዕጡቕ

ሓይሊታት ኣሎ። እዚ እናሃለወ እንከሎ፡ ሕጂ ሓደ ሰራዊት ናይ ምህናጽ ጉዳይ፡ ቅድሚ ኵነት ገይርካ ኮፍ ከተብሎን ነቲ ፖለቲካዊ መስርሕ ምስግጋር ክትዓግቶን ኣይግባእን እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ናብ ዘየድሊ ምግጫው ክእቶ የብሉን ዝብል ርእይቶ'ዩ ጸኒሑና። ብኣዋጅ ኣይንዛረበሉን፡ ነቶም ዝምልከቶም ግን፡ ኣብ ሰዓቱ ክበጽሖም ስለዘለዎ፡ ብዝተኻእለ መጠን ክሳብ'ታ ናይ መወዳእታ ሰዓት፡ እዚ ግጭት እዚ ከይመጽእ፡ ጽምዶና ብግቡእ ኣካይድና ኢና ክንብል ንኽእል። ሕጂ እውን እንተኾነ፡ እቲ መስርሕ ማእዝኑ ሒዙ ክኸይድ ስለዘለዎ፡ ጽምዶና ክንቅጽሎ ኢና። ጽምዶና ዝኾለፍ፡ ዝቈራረጽ ወይ ድማ ምስ ምዕባለታት ዝግደፍ ወይ ዝውንዘፍ ኣይኰነን። ግዴታ እዩ - ሕርያ ኣይኰነን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ፡ ካብዚ ዘሎ ኩነታት ንምውጻእ ጽቡቕ ገይርካ ስትራተጂ ምስኣል የድሊ። ክትበጽሖም እተደሊ ሸቶታት ወይ ዕላማታት ኣነጺርካ ክትፈልጦም ኣለካ። ንዕኡ መብጽሒ ዝኾነካ ዝርዝራት ውጥን ክህልወካ ኣለዎ። ብኣድማዕነት ከኣ ትነጥፈሉ። እቶም መትከላት ኣብ ዝኾነ ጽምዶ ንኽትለሎም ኣገባባት እዮም። ሱዳን ንዓና ከም ዝኾነ ካልእ ጐረቤት ሃገር እውን ኣይኰነትን። ዝምድናና ናቱ ፍሉይ ታሪኻዊ ባህርያት እውን ስለዘለዎ፡ ንሕጂ ይኹን ንመጻኢ፡ ከመይ ገይርና ንጸምድ ክንፈልጥ ኣለና። ንጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ኢልና ንውንዝፎ ዕላማ የለን። ሕጂ ሓደ ካብቲ ዘሰክፈና፡ ነዚ ምዝንባዕ ንብሎ ንሕና (ዲስቶርሽን)፡ መመሊሱ ዘጋድድ ኵነታት ንርኢ ኣለና። ሰዓት ብሰዓት ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ዘሎ ምህውታት፡ እዚ ክትብሎ ዝከኣል ኣይኰነን። ብርእይቶና እዚ ክዕገት ዘለዎ እዩ። ነቲ ኲናት ደው ምባል ጥራይ ዘይኰነ፡ እዚ ኣህውታቲ ዝኾነ ቀጻሊ ዲስኢንፎርሜሽን እውን ክዕገት ክኽእል ዘለዎ እዩ።

• **ክቡር ፕረዚደንት፡ ኵነታት ሱዳን ንኹለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃን ብቐጥታ ጐረባብቲ ሱዳን ዝኾና ሃገራት ጎደቦናን ብዝተፈላለየ ዓቐን ክግለጽ ዝኽእል ጽልዋ ኣለዎ። ኣብዚ ግጭት ተላዒልሉ ዘሎ እዋን፡ ብቐንዱ እቲ ፍታሕ ካብ ሱዳናውያን እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዞባ ኣሳላጢ ተራ ክጻወት ይኽእል'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ስሙር ኣረኣእያ ወይ መርገጺ ኣሎዶ? ኣብ መስርሕ ዝርከቡ ተበግሶታትን ጻዕርታትን እንተለዉ እንታይ ይመስሉ? ዞባዊ ተበግሶ፡ ኣብ መስርሕ ምስ ዝጸንሑን ብሕጂ ክኽሰቱ ዝኽእሉን ናይ ደገ ተበግሶታት ወይ ምትእትታዋት ስኒትን ሲነርጂን ንምፍጣር፡ እንታይ ኣድማዒ ኣልያ ክሕሰብ ይከኣል?**

ዞባዊ ጥምረት (integration) እንብሎ ሓድሕድ ንምምልላእን ንምትሕግጋዝን እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዞባ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ነንበይኑ ክነብር ይኽእል'ዩ - ጸገም የለን። ግን፡ ጥምረት ብልጫ ኣለዎ። ዞባዊ ጥምረት፡ ኣገዳስነቱ መግለጺ'ውን

ዘድልዮ ኣይኰነን። ናይዚ ዞባ ሽግራት ንምፍታሕ፡ ብድሆታቱ ንምምካት ዘኽእለና ናይ ሓባር ባይታ ክንፈጥር ክንክእል ኣለና። ከም ኣብነት፡ ናይ ሶማል ሽግር ነይሩ። በቲ ሽዑ ግዜ ናትና ተበግሶ ነይሩ። ኣብ ክንዲ ናይ በይንና ዝኸውን፡ ምስ መሻርኽትና ናይዚ ዞባ ክንመኻኸረሉ እሞ፡ ድምር ናይ እንገብሮም ኣበርክቶታት ኣድማዕነትን ዝያዳ ውሕስነትን ክህልዎ፡ ነቲ ኣንዊሕና እንጥምቶ ዞባዊ ጥምረት እውን ባይታ ኣብ ምጽራግን ናይ ሓባር መረዳእታ ኣብ ምፍጣርን ሓጋዚ ክኸውን ተባሂሉ፡ ኣብ ሶማል ዝተገብረ ፈተነ ቀሊል ኣይነበረን። ግን ከምቲ ዝድለ ኣይሰመረን። ኣብ 2006 ዘየድሊ ምትእትታውን ወራርን መጺኡ ነቲ ኩነታት መሊሱ ሓላሊኽዎ። ኢጋድ ከም ዞባዊ ውድብ ህላወኡ ኣብ ኣጠራጣሪ ኵነታት ስለዝወደቐ ድማ፡ ካብኡ ኣባልነትና ኣደስኪልና ጸኒሕና። ኢጋድ ኣቐድም ኣቢሉ፡ ሓደጋታት ድርቂን ኣንበጣን ንምክልኻል ዝቔመ ኣካል’ዩ ነይሩ። ኣብ 1991፡ ዝሑል ኲናት ኣብቂዑ፡ ምስ ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብዚ ዞባ ሓዲሽ ኵነታት ምስተፈጥረ፡ “ነዚ ውድብ’ዚ፡ ናብ ዞባዊ ምትሕግጋዝ ዘይንቕይሮ” ዝብል ሓሳብ ተላዒሉ፡ ተማኺኺርና፡ ንልምዓታዊ ምትሕግጋዝ ዝዓለመ ዞባዊ ውድብ ክምዝኸውን ተገይሩ። ዋና ዕላማኡ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት’ዚ ዞባ ምውህሃድን ምትሕግጋዝን ምፍጣር፡ ሓባራዊ ናይ ልምዓት መደባት ምትግባር እዩ ነይሩ። ነናትና መደባት ልምዓት ከነውጽእ ንኽእል ኢና። ጥሙር ልምዓታዊ መደባት ግን፡ ካብቲ በብውልቂና እንገብሮ ዝሓየለ ስለዝኸውን፡ ጻዕርታትና ከነሕብሮ ዝበለጸ’ዩ። ካልኦት ዝተፈላለዩ ውድባት ከም ሲንሳድ፡ ኮሜሳ ዝበሃሉ እውን ኣለዉ። ዕላማ ናይዞም ውድባት’ውን ብተመሳሳሊ፡ ቁጠባ ናይዘን ሃገራት፡ ካብ ናይ ዕንጋሎ መድረኽ ከምዝወጽእ ብምግባር፡ ናብ ዝማዕበለ ኢዱስትራዊ ቍጠባ ምስግጋር እዩ። ዘሎና ጸጋታት ኣገሳጊስና፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸዓት፡ ማይ፡ ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ካልኦት ሰክተራት ሓባራዊ መደባት ከነተግብር እንተኽኢልና፡ ድምር ውጽኢቱ ዝሓየለ እዩ ዝኸውን። ኣብዚ ዘሎ ዓለማዊ ኩነታት ተወዳዳሪ ዓቕሚ ንምፍጣር፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ዘቤታዊ ልምዓት ንበይኑ ከምቲ ናይ ሓባር ከድምዕ ኣይክእልን’ዩ። ጥምረት፡ ልምዓት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዞባ ደረጃ ርግኣትን ራህዋን እውን ዝፈጥር እዩ። ዕንቅፋታት፡ ሽግራት እንተለዉ ኣብ ክንዲ በብውልቅና ሽግራትና ክንፈትሕ እንፍትን፡ ናይ ሓባር ኣልያ ወይ መካኒዝም ይህልወና። ምስ ግዜ ከኣ እናኣወርጸጽናዮ፡ ኣድማዕነቱ እናሓየለ ከምዝኸይድ ንገብር። በዚ መገዲ’ዚ ሽግራትና እናፈታሕና ንቕድሚት ክንግስግስ ንኽእል። ኣብ ጉዳይ ደቡብ ሱዳን፡ ብደረጃ ኢጋድ ዝነበረ ጽምዶ ዝዝከር እዩ። እቲ ተበግሶ ኣብዚ ዝብሎ ዘለኹ ሓፈሻዊ ዞባዊ ጥምረት ዝተኣሰረ እዩ ነይሩ። ከምዚ ሕጂ ኣብ ሱዳን እንርእዮ ዘለና ጸገማት ክኽሰት እንከሎ፡ ኩሉ ዓለም

ክግደስ ይኽእል እዩ። ሃገራት በብውልቀን ክግደሳ ይኽእላ። እቲ ዝቐለለን ኣድማዒን ግን ናይቲ ዞባ ተበግሶ እዩ። ሕጂ ኣብ ሱዳን ስሉስ ዝበሃል ኣሳላጢ ኣሎ። ናይ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ኢጋድን። ብኸመይ ቈይሙ? እንታይ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ? ብዛዕባ እቲ ጉዳይ እንታይ ፍልጠት ኣለዎ? ኣብኡ ክንኣቱ ኣይንደልን። ከይድካ ከይድካ ኣብ መወዳእታ እዚ ጉዳይ'ዚ ዝያዳ ካልኦት ዘገድሶ እቲ ዞባዊ ውድብ እዩ። ብቐዓት ኣለዎ ድዩ የብሉን? እንታይ ክገብር ይኽእል? ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ናቱ ጽምዶ (ኢንገይጅመንት) ግን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጉዳይ ሃገራት'ዚ ዞባ፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኤርትራ ናቱ ህላወ ኣገዳስነት ኣለዎ። ሓሚቑ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣልያ (መካኒዝም) ክፈጥር ኣይከኣለን'ሞ፡ ክጸምድ ኣይክእልን'ዩ ኢልካ ክዝረብ ኣይክኣልን። ዓቕሙ ኣብ መስርሕ ከማዕብል ኣለዎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ናይቲ ዞባ ምስ ዘሎ ጉዳያት እናተሳለየ፡ ነቶም ሽግራት ብዕምቈት እናፈለጠ፡ ፍታሕ ንምርካብ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ሕጂ፡ ኣብ ሱዳን ዘሎ ተበግሶታት ድብልቕልቕ ዝበለ'ዩ። ሓደ ካብቲ ነቲ ምዝንባዕ (ዲስቶርሽን) መመሊሱ ዘተዓባብዮ ዘሎ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ብዙሕ ምትእትታዋት እዩ። ግሩህ ምትእትታዋት ክኸውን ይኽእል። ገርሂ ዘይኰነ ምትእትታዋት እውን ኣሎ። ኣብኡ ኣቲና ክንዛረብ ኣይንደልን። ኣብ ነንበይኑ ከባቢታት ናይ'ዛ ዓለም ከምዚ ዓይነት ጸገማት ክኸሰት ከሎ፡ ዝመጽኡ ገናዞ ኣለዉ። ዝገንዙ ማለት እዩ። ብዘይካ ሬሳ ክምህለሉ፡ ሬሳ በየን ይመጽእ ክጽበዩ፡ ሰብ ሬሳ ከይኮነ ከሎ ከመይ ገይሩ ይድሕን ዝበሃል ነገር የለን። ሽግር እንድሕር ተረኺቡ ንዕኦም ቢዝነስ እዩ፡ ዋኒን እዩ። ስራሕና ኢሎም ዝኻየዱሉ ኣለዉ። ከምኡ ክረኽቡ ዘይፍትንዎ ነገር የለን። መን እዮም እዚኣቶም ካብ ዓይንና ዝተሰወረ ኣይኮነን። ብዝተፈላለየ ግሩህን ዘይግሩህን ዕላማታት ዝግበር ምትእትታዋት ብዙሕ እዩ። ሕጂ ግጭት ምስ ተፈጥረ ዘይኮነ፡ ካብ 2019 ክሳብ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ተዋስኦታት፡ እዚ'ዩ ክትብሎ ዝከኣል ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ተርእዮታት ነቲ ምዝንባዕ መመሊሱ ስለዘጋድዶ፡ እቲ ኣተሓሕዛ ናብቲ ልክዕ መስርዑ ወይ መቓኑ ክምለስ ክኽእል ኣለዎ። ናይዚ ዞባ ሃገራት ዋላ ዓቕሚ የብለንን እንተተባህለ፡ ዕድል ግን ክወሃበን ኣለዎ። ኣብ 2006 ኣብ ጉዳይ ሶማል ዝነበረ ምትእትታዋትን ጸገማቱን ርኢናዮ ኢና። ሓደ ካብቲ ኣባልነትና ካብ ኢጋድ ዘደስከልናሉ ምኽንያት እውን ንሱ እዩ። ግን ከም ኣካል ናይዚ ዞባ ካብ ሓላፍነትና ክንሃድም የብልናን። ስለዚ እቲ ዞባዊ ውድብ ሓይሉ፡ ደልዲሉ ኣበርክቶኡ ክዕዝዝ ኣለዎ። ሕጂ ኣብ ሱዳን እንዕዘቦ ዘለና ዳርጋ ምጉንናጽ እዩ። ኀኒጽካ ኀኒጽካ ጸግየም ተትሕዞም። ነቲ ጉዳይ ብዕምቈት ፈሊጥካ ፍታሕ ምምጻእ ወይ ምስ ካልኦት ተሓጋጊዝካ ዝጎደለካ

መሊእካ ምስራሕ ዝበሃል ነገር የለን። እዚ ካብ ኣእምሮ ዝኾነ ሰብ ዝተሰወረ ኣይኮነን። ዝኾነ ሬድዮ፡ ቴለቪዥን ዝኸፈተ ዝርእዮ ዘሎ'ዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሻማሻማ ነቲ ልክዕ ዘቤታዊ ጉዳይ መመሊሱ ዘዘንብዕ እዩ። ዓቢ ተበግሶ ክመስል ይኽእል፡ ብሽም ረድኤት ዝግበር ምትእትታው ክመስል ይኽእል፡ ብነንበይኑ መሳጢ ኣርእስቲታት ዝግበር ዘሎ ምትእትታው መወዳእታ የብሉን። ቅድሚ ዝኾነ ግን፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ናይ ህዝቢ ሱዳን'ዩ። ህዝቢ ሱዳን ሽግራቱ ክፈትሕ ክግደፍ ኣለዎ። ዋላ ናይዚ ዞባ ሃገራት እውን ክሕግዛኦ እየን ዝኽእላ እምበር፡ መተካእታ ህዝቢ ሱዳን ክኾና ኣይክእላን። እቲ ክገብርኦ ዘለወን ምትሕግጋዝ ከኣ ብዝተጸንዐን ዝተወሃሃደን መገዲ እምበር እናተቐዳደምካ ክኸውን የብሉን። ንሱ ስለዝኾነ፡ ንሕና ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ኣብ ባዛር ኣይንኣቱን ኢና። ዘወዳድር ምኽንያት የብልናን። ክንወዳደር ኢልና እንኣትዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ግዴታና እዩ፡ ንኻልኦት እውን ግዴታኦም'ዩ። ግዴታና ተረዲእና ኣበርክቶ ክንገብር ጥራይ'ዩ ድሌትና። ሱዳናውያን ካብዚ ትማሊ ዝተኸስተ ይኹን ኣብ ዝሓለፈ ዕቑዳት ዝተፈጥረ ምትሕልላኻት ወጺኦም ሕድሪ ናይዚ መሰጋገሪ መድረኽ ብግቡእ ተሰኪሞም ክኸዱ ኣለዎም። ዝመጸ ይምጻእ ዝኾነ ፍልጠት ይሃልዎ፡ መተካእታ ህዝቢ ሱዳን ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ንሱዳናውያን ኣኽኣሊ ባይታ ክፍጠረሎም ግን ክሕግዝ ይኽእል። በዚ ዕላማ'ዚ ኩለን ጎረባብቲ ሱዳን ነናተን ኣበርክቶ ክገብራ ይኽእላ እየን። ነቲ መስርሕ ንምቅልጣፍ፡ ተበግሶታተን ኣብ ሓደ ክጠምርኦ ዝበለጸ። ንሕና ዝያዳኹም ይምልከተና ኣይኮነን - እቲ ጉዳይ። ብዝያዳ ከበርክታ ዝኽእላ ግን እተን ጎረባብቲ ስለዝኾና፡ ዋላ ድሩትነት ናይ ዓቕምን ምውህሃድን ይሃሉወን፡ ሕጂ ይኹን ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ናተን ጽምዶ ቀጻሊ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ግን፡ ካልእ ወገን ክኽልከል ኣለዎ ወይ'ውን ክሳተፍ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ክተሓባበረሉ ዝኽእል ዕድል እንተሎ ክተሓባበር ኣለዎ። ናይ ሱዳን ሽግር ጥራይ እውን ኣይኮነን። ኣብዚ ዞባ ካልእ ሽግራት እውን ስለዘሎ፡ ሃገራት'ዚ ዞባ ንኹሉ ሽግራት ሓቢረን ክምክታሉ ዝኽእላ ባይታ ከዋድዳ ኣለወን።

- **ክቡር ፕረዚደት ከምቲ ዝጠቐስካዮ ናይ ኤርትራን ካልኦት ናይ ከባቢና ሃገራትን ድሌትን ጻዕርን እዚ ግጭት እዚ ብዘይወዓል ሕደር ሃዲኡ ኣብ ዘተኣማምን ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ተበጺሑ ሓው ህዝቢ ሱዳን ኣብ ናይ ሓዋሩ ፖለቲካዊ ፍታሕ ከድህብ እዩ። ምስናይዚ ግን ምምዝባል ኣብ ሱዳን ዝቕመጡ ሰላማውያን ሰባት እንተላይ ኤርትራውያን ስለዘሎ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዜጋታቱ ንምቕባል ዛጊት ዝወሰዶ ስጉምቲታት፡ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፥**

**ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ካብ ሱዳን ብመገዲ ኤርትራ ንምውጻእ ዝገብሮ ዘሎ ምትሕብባር፡ ከም ምፍቃድ ክሊ ኣየር ኤርትራን ካልእን እንታይ ይመስል?**

ንሕና ሓደ ቀዋሚ ፖሊሲ ኣሎና። ኣብ ባዛር ናይ ረድኤት ኣይንኣቱን ኢና። ኣብ ሱዳን ዘለዉ ዜጋታትና ይኹን ካልኦት ምስዚ ዘሎ ዘይርግኣት ኣብ ሓደጋ እዮም ዘለዉ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸገም፡ ብመሬት ኤርትራ ገይረ ክሰግር እየ ዝበለ፡ ወረቐት ኣውጽእ፡ ቪዛ ኣምጽእ፡ ፍቓድ ርኸብ፡ መኪናኻ ኣዳሉ ዝበሃል ዘረባ የለን። ኣብ ዜና እንተርኢና ኤርትራ ኣብ ስእሊ የላን። ኣብ ከምኡ ኣይንኣቱን ኢና። በዚ ወጺኦም፡ ናብቲ ከይዶም፡ ንጫድ፡ ደቡብ ሱዳን ኣትዮም፡ ዝበሃል ዘረባታት ነቲ ምዝንባዕ መመሊሱ ዘጋድድ ስለዝኾነ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዘይተጸበናዮም ሓደጋታት ክመጽኡ ከለዉ ብህድኣት ከመይ ገይርና ንምክቶም ክንሓስብ፡ ሓቢርና ክንሰርሕ እዩ ዝበለጸ። ኩላተን ሃገራት ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ እውን ብኸምኡ መገዲ ክሰርሓን ከወሃህዳን ኣለወን። ንስኻትክን ከምኡ ክትገብራ ዓቕሚ የብልክንን፡ ንሕና ኣለናዮ፡ ዝብሉ እንተኾይኖም 'ሓላል ይግበረልኩም' ክንብሎም ንኽእል ኢና። ንሕና ብወገንና በዚ ናይ ሱዳን ሽግር ምኽንያት ካብታ ሃገር ወጺኡ ናባና ንዝመጽእ ክንቅበሎ ጸገም የብልናን። ናይ ኣየር፡ ምድሪ፡ ባሕሪ ዶባትና ክፉትዩ። ንእውጆ ኣይኮንናን ዘለና፡ ምእዋጅ ኣየድልየናን እዩ - ከም መትከል ከም ኣሰራርሓ። ክንደይ ኤርትራውያን ኣለዉ ኣብ ሱዳን? ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ስደተኛታት ድዮም ኣይኮኑን? ሱዳናውያን'ከ ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ከለዉ ስደተኛታት ድዮም ኣይኮኑን? ኣበየናይ መዓስከር እዮም ዝዕቆቡ ዝበሃል ነገር የለን። እተን ኣቐዲመ ዝጠቐስኩወን ናይ ገናዞ ማሕበራት ንሱ'ዩ ስርሐን፡ ካልእ ስራሕ የብለንን። ስደተኛታት በየን ተፈጥሩ እየን ዝብላ። ስደተኛታት ክፍጠሩ ምእንቲ ድኳናት ትኸፍት፡ መዓስከራት ትምስርት፡ ናይ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣስማት እተጻሕፎ ዝተፈላለየ ሕብሪታት ዘለዎ ቴንዳታት ትተክል፡ ቢዝነስ እዩ፡ ዋኒን እዩ። ዋኒን ናይ ገናዞ እየ ዝብሎ ኣነ። ናይ ሰብ ጸገም ወይ ሰብኣዊ ሽግራት ክመጽእ ከሎ ቅድሚ ኹሉ ናይ ሕልና ሓላፍነት እዩ። ጸጋ ኣለካን የብልካን፡ መድሃኒት፡ መግቢ፡ መዕቀሊ፡ ማይ ኣለካ የብልካን ካልእ ኣርእስቲ እዩ። ዋና ነገር ግና ሰብ ብሰብ እዩ። ኣብ ሱዳን ዘለዉ ዝተፈላለዩ ወጻእተኛታት እንተላይ ሱዳናውያን ኣብዚ መጺኦም ክዕቀቡ እንድሕር ደልዮም፡ ኣብ ገዛና እውን ከነዕቅቦም ንኽእል ኢና። ዋላሓንቲ ጸገም የብልናን። ትብላዕ ቅጫ እንተላትና ተኻፊልና ክንበልዓ ንኽእል ኢና። ጸገም የለን፡ ክንገብሮ ንኽእል ምድግጋፍ ክንገብር ኢና። ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ መዓስከር ኣኪቦሞም ዝጸንሑ ይኹኑ ወጻኢ ካብ መዓስከር፡ ምስዚ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም

ኣብዚ ክጽግዑ እንተደልዮም ፍቓድ ኣውጽእ፡ እቶ ኣይትእቶ ዝበሃል የለን - ከም ፖሊሲ፡ ሎሚ ይኹን ቀደም። ኣብ ኤርትራ ዝኽፈት ድኳናት ናይ ረድኤት፡ ድኳናት ናይ ጽጉማት፡ መዓስከር ስደተኛታት የለን። ከምኡ ኣይንገብርን ኢና። ደቂ እዚ ዞባ'ዚ፡ እቲ ዶባት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ጸገማት ከጋጥም ከሎ፡ ንሓድሕዶም ክነባበሩ ክኽእሉ ኣለዎም።

'ማዕከን ሕብስቲ' ትብሃል ዝነበረት ሱዳን፡ ምስቲ ኩሉ ሃብታን ጸጋታታን ኣብ ከምዚ ወዲቓ፡ ህዝቢ ሱዳን ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸገም ወዲቑ ክበሃል ከሎ ክትኣምኖ'ውን ኣጸጋሚ እዩ። ካብ ኮነ ድማ፡ ሱዳናውያን ካብዚ ዘለውዎ ጸገም ብኸመይ ይወጹ እዮ - እቲ ዋና ዕላማ። ዓቕሚ ከኣ ኣሎዎም፡ ኣኺሉ ዝተርፍ ጸጋታት ኣሎዎም። ነዛ ሓጻር እዋን ተረኺባ ዘላ ጸገም ግን ክንተሓጋገዝ ግቡእ እዩ። ኣብ ሰዓት-ሰዓት 10 ሽሕ ሰጊሮም፡ 2 ሽሕ ሰጊሮም፡ 200 ሰጊሮም ይበሃል ኣሎ። ስለምንታይ'ዩ እዚ ዜና ዝኸውን ዘሎ? ስለምንታይ ትስእሎም? ተጫኒቑም፡ እናነብዑ ክትርእዮም ባህ ዘብል ድዩ? ንፕሮፖጋንዳ ንዜና ኢልካ ከምኡ ትገብር? ኣባና ነውሪ እዩ። ኣብ ባህልና ከምኡ የለን። ስለዚ ዶብና ክፉት'ዩ፡ ክዕቀብ፡ ክዕቅል ዝደለየ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ጸጋታት ኣሎና ድዩ - የብልናን? እኽሊ-ማይ ኣሎ ድዩ? መዕቀሊ ቴንዳታት ወይ ቦታታት ኣሎ ድዩ? ካልእ ኣርእስቲ እዩ። በታ ዘላትና ተጻጊምና፡ ተኻፊልና፡ እታ ዘላ ቅጫ ተማቒልና ክንበልዓ ንኽእል ኢና ዝብል መንፈስ'ዩ ዘለና። ነዚ ዘድሊ ምጉስጓስ ናይ ጸጋታት እንተሎ፡ ክነሳሳጉስ ንኽእል ኢና። ንሕና ጥራይ ዘይኮነ ኩለን ጎረባብቲ ሱዳን'ውን ከምኡ ክገብራ ንምነ። ንሓዋሩ ግን፡ እቲ ዞባዊ ምትእኽኻብ እንብሎ ዘለና፡ ነዚኦም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ብሓደጋ ዝመጽኡ ብድሆታት ክምክት ምእንቲ ድሉውነት ክፈጥር ክኽእል ኣሎዎ። ኲናት ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልኦት ባህርያዊ ሓደጋታት እውን እንተመጽኡ ከመይ ገይርና ንምክቶም? ከመይ ገይርና ንሰርሕ? ኣቐዲምና ምድላዋትና ከመይ ገይርና ነሐይል? ክንሓስበሉ፡ ዘይተጸበናዮ ምዕባለታት ክመጽእ ከሎ ክንምክቶ ዘኽእለና ዓቕምን ኣሰራርሓን ምምዕባል ኣድላዪ እዩ። ክንደይ ክሰግሩ ይኽእሉ፡ መዓልቲ መዓልቲ፡ ኣበይ በጺሖም በየን ኣትዮም፡ እንታይ ገይሮም፡ ብዜና ክትዛረበሉ እውን ዝግባእ ኣይኮነን፡ ነውሪ እዩ። ብባህልና ይኹን በከያይዳና። ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ህዝብና ብስደት ኣብ ሱዳን ኣብ ዝነበረሉ፡ ከም ወዲ ሱዳን፡ ከም ዜጋ ናይ ሱዳን ኮይኑ'ዩ ዝነብር ነይሩ። ሱዳን ደጀን ናይ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን፡ ድሕሪ ሓርነታዊ ቃልሱ። ኣብ ሱዳን ዝነብር ኤርትራዊ ከኣ፡ "ጓና'የ፡ ወጻእተኛ'የ" ኢሉ ሓሲቡ ኣይፈልጥን። ብኡ መጠን፡ ናብዚ ዝመጽእ ሱዳናዊ፡ ኣብ ግዜ ጸገም ይኹን ኣብ ግዜ ራህዋ፡

ኣብ ገዛኡ ከምዘሎ ክሓስብ ክኽእል ኣሎዎ። ከምዚ ዓይነት ሃዋህው ክትፈጥር እንከለኻ፡ ኩናት ይኹን ባህርያዊ ሓደጋታት ዘምጽኦ ጸገማት ክትጻወሮ ትኽእል ኢኻ። ጉዳይ ጸጋታት ብኻልኣይ ደረጃ ዝመጽእ እዩ። ፖሊሲ ናትና፡ ኣብ ባዛር ናይ ገናዞ ህዝባዊ ርክባት ዘይምእታው እዩ።

**• ሕራይ'ሞ ክቡር ፕረዚደንት ኣብ መወዳእታ ንህዝቢ ሱዳን ከም ሓው ህዝቢ ኣብዚ ናይ ጸገሙ እዋን እተመሓላልፎ ምሕዝነታዊ መልእኽቲ ክህልወካ ይኽእል'ዩ እሞ፡ ብቛንቋ ዓረብ መልእኽትኻ ክተመሓላልፍ።**

ህዝቢ ኤርትራ ንህዝቢ ሱዳን ደገፉ ይገልጽ። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት፡ ስርዓት 'ኣኽዋን' ኣብ ሱዳን ዘኸተሎ ዕንወት ብዝምልከት፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ቃንዛ ናይ ህዝቢ ሱዳን ከምዝርድኦም እናገለጹ ምሕዝነታዊ ደገፎም ይገልጹ ነይሮም'ዮም። ድሕሪ ምእላይ ስርዓት ኣኽዋን ካብ 2019 ክሳብ'ዚ ሎሚ እንርእዮ ዘለና ስቅያት ድማ፡ ሱዳን ዘሕልፎ ዘሎ ጸገም፡ ኤርትራውያን ከም ቃንዘኦም'ዩ ዝስመዮም። ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ደገፍና እናገለጽና፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ንሓለፍቲን ፖለቲካውያን ሓይልታትን ዘቕረብናዮ ወረቓቕቲ ኣሎ። ኣብ ምብራቕ ምዕራብ ሰሜንን ደቡብን፡ ህዝቢ ብሓባር ኮይኑ፡ ንዝሓለፈ ስርዓት ድሕሪ ምእላዩ፡ ቦታኡ ክረክብ ዕድል ክዋሃቦ ነይሩዎ፡ ካብዚ ዘሎ መሰጋገሪ መድረኽ ናብ በሪ ኣማን ክሰግር ኣለዎ ዝብል ርእይቶ እዩ ዘለና። በሪ ኣማን ኣብ ኢድ ሱዳናውያን ክኸውን ይግባእ። ህዝቢ ሱዳን'ዩ ኣደራዕ ዝስከም ዘሎ። ህዝቢ ሱዳን ካብቲ ንምክፍፋል ስልጣን፡ ሃብቲ ዝግበር ቁሩቁስ ዝረብሖ ነገር የብሉን። ህዝቢ ሱዳን ካብዚ ጸወታ'ዚ ወጻኢ እዩ። ሕጂ እውን ኣጋጢሙ ዘሎ ጸገም ናይ ምእላይ ሓላፍነት ብቐንዱ ናይ ህዝቢ ሱዳን እዩ። ሓገዝ ጎረባብትን ኤርትራን ካልኦትን ካልኣዊ እዩ። እቲ ቀዳማይ ተሰካሚ ሕድሪ ህዝቢ ሱዳን እዩ። ህዝቢ ሱዳን ክሳዕ ሕጂ ብንቕሓቱን ትዕግስቱን ንኹሉ ጸገማት ጸይሩዎ ናብዚ መድረኽ'ዚ በጺሑ'ሎ። ብሕጂ እውን ናብ በሪ ኣማን ብጻዕሩን ተሳታፍነቱን'ዩ ክበጽሕ። ክንዲ ዝኾነ ንቕሓት ህዝቢ ሱዳን ምስ ዘለናዮ ኩነታት ዝሳነ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተራእየ ዕግርግር ቅቡል ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ዕግርግር ካብ መስመርካ ስለዘስሕት፡፡ ህዝቢ ሱዳን ካብ ምትእትታው ናይ ደገ ሓይልታት ክጥንቀቕ ይግባእ። ኣብ መንጎ ሰራዊትን ፍሉይ ሓይሊን (ኣዳዕመ ሰሪዕን) ኣብ መንጎ ሰራዊትን ካልኦት ዕጡቓት ምንቅስቓሳትን ዝተወንዘፈ ጉዳያት ፍታሕ ክረክብ፡ ኣብ'ዚ መሰጋገሪ እዋን ጽንዓትን ንቕሓትን ህዝቢ ሱዳን የድሊ። ምኽንያቱ እቲ ሓላፍነት ብቐንዱ ናቱ እዩ። ኣብዚ ሕማቕ እዋን ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ሱዳን ደው ኢሉ ከምዘሎ ከረጋግጽ እደሊ። ኣብ ጎድኒ

ህዝቢ ሱዳን ካብ ምኽን ካልእ ምርጫ የብሉን። ናይ ምርጫ ወይ ባህታ ጉዳይ እውን ኣይኮነን። እዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት እዩ። ሎሚ ምስ ህዝቢ ሱዳን ደው እንብለሉ ግዜ እዩ። ብርእይቶና ንቕሓት ህዝቢ ሱዳን ካብቲ ንጽበዮ ንላዕሊ እዩ። ህዝቢ ሱዳን ነዚ መድረኽ'ዚ ክሓልፎ ምኽኡ ናተይን ናይ ህዝቢ ኤርትራን ጽኑዕ እምነት እዩ። ነዚ ተኸሲቱ ዘሎ ዕግርግርን ፍልልያትን ዝምዝምዙ ኣብዝን ኣብትን ኣይሰኣኑን እዮም። ብናተይን ህዝቢ ኤርትራን እምነት፡ ምትሕግጋዝ ኩለን ጎረባብትን ካልኦት ብናጽነትን ልኡላዊ ሓድነትን ሱዳን ዝኣምኑ ወገናትን ሓጋዚ ኮይኑ፡ ጉዳይ ሱዳን ናይ ምፍታሕ ሓላፍነት ግን ብቐንዱ ናይ ህዝቢ ሱዳን እዩ።

ሓዳስ ኤርትራ 2ን 3ን ግንቦት 2023